# ሓምሻይቲ ሰንበት ዘዓቢይ ጾም
# ዘደብረ ዘይት ብኣባ እስጢፋኖስ ወልዱ

Fifth Sunday of the Great Fast
The Mt Olives Sunday
by Abba Awte Woldu O.Cist.

**ናይ ሎሚ ንባባትን ያሬዳዊ መዝሙርን ብዛዕባ ናይ ወድሰብ ፍጻሜታት ኢዩ ዚናገር።**

ካብ ጥንቲ ጀሚርም ደቂ ሰባት ነቲ ዘይዕጸፍ ቃል ኣምላኽ ሰጊርም መወዳእታ ዓለም ቀሪቡ ኢዩ እናበሉ ኣብ ዓለምና በብጊዚኡ ዝፍጸም ንዝነበረ ባህርያውን ሰብ ዘምጽኦ ሽግራትን ከም ምልክታት ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስን መወዳእታ ዓለምን ገይሮም ብምትርጓም ብዙሕ ጌጋታት ዘስተምህሩ ነሮም ኣለዉ እውን። ከም ባህሊ ገሊኣቶም መወዳእታ ዓለምን ካልኣይ ምምጻእ ክርስቶስን ድሮ ብ1948 ዓ.ም. ምኾነ ነይሩ። መንግሥቲ እስራኤል ኣብ ዝቖመሉ ዘመን ዓለም ኪውዳእ ኢዩ ይብሉ ስለዝነበሩ እስራኤል መንግሥታ ካብ ተቀውም እንሆ ካብ ፍርቂ ዘመን ንላዕሊ ሓሊፉ።

ክርስቶስ ብዛዕባ'ዚ ንሓንሳእን ንሓዋሩን *"ነታ መዓልቲ እቲኣን ነታ ሰዓት እቲኣን ግና ብዘይካ ኣቦ በይኑ ናይ ሰማይ መላእኽቲ ኾኑ ወልድ ኾነ ሓደ እኳ ዚፈልጣ የልቦን" (ማቴ፡24፡36 ፣ ማር፡ 13፡32-37 ፣ ሊቃ፡17፡26-30 ፣ 34-36) ብምባል ደምዲሞዎ ኢዩ።*

ኣብ ትምህርቲ መ.ኢ.ክ. ተመርኲስና ብዛዕባ ናይ ሰብ መፈጸምታታት፡ ግላውን ሓባራውን መፈጸምታ ከምዘሎ ንፈልጥ።

## ሀ. ግላዊ መፈጸምታ

- **ናይ ነፍስ ወከፍ ሰብ ሞት** (ዘፍ.3፡19 ፣ ዕብ. 9፡27)
- **ናይ ነፍስ ወከፍ ሰብ ብሕታዊ ፍርዲ** (ዕብ.9፡27)
- **ንሥሐ ቦታ** (1ቆሮ. 13፡12 ፣ 1ጴጥ 1፡7 ፣ ማቴ.12፡ 32 ርኤ ፣ ናይ ካቶ.ቤ/ክ.ት.ክ 1030,1031 ሉቃ.12፡59፣ 2መቃ.12፡43
- **መንግሥተ ሰማያት** (1ቆሮ.13፡12 ፣ ራዕ.21፡27
- **ገሃነመ እሳት** (ማር. 9፡47-48 ፣ ራዕ. 14፡11፣ ናይ ካ.ቶ.ቤ/ክ.ት/ክ.1035)

## ለ. ሓባራዊ መፈጸምታ

- **መወዳእታ ዓለም** (ማቴ. 24-25) **ካልኣይ ምምጻእ ክርስቶስ** (ማር. 12፡25-26 ፣ ማቴ.24፡ 37-51፣ ግሓ. 1፡11 ፣ ????25፡13
- **ትንሣኤ ሙታን** (1ቆሮ.15፡13-18፣ 1ዮሐ.3፡2 ፣ 1ቆሮ. 15፡52፣...)
- **ሓፈሻዊ መወዳእታ ፍርዲ** (ማቴ.25፡31-32 ፣ ሉቃ.12፡2-5 ፣ ሮሜ.2፡6-11 ፣ ማቴ.25፡35-44 ፣ ት/ክ/ቤ/ካ 1017

ነፍስ ወከፍና ኣብ መንጎ ልደትናን ሞትናን ኰንና ዕለቱን ሰዓቱን ኣብ ዘይንፈልጦ ክርስቶስ ብርግጽ ክመጸና ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ምሉእ ዓለም ከዓ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ምምጻእ መ.ኢ.ክ. ኰይኑ ዕለቱን ሰዓቱን ንዘይፍለጥ ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ ኣብ ምጽባይ ይርከብ።

እዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ዘመን ምሕረትን ዘመን ነቒሕካ ንግላዊ ኮነ ንሓባራዊ ምጽኣት መ.ኢ.ክ. ምጽባይ ኢዩ። እቲ ብጐ.ኢ.ክ. ዝጀመረን ዝተፈጸመን ድሕነትና፡ ብምስጢራዊ መገዲ፡ ብተልእኮ መንፈስ ቅዱስ ዝቕጽለሉ ዘመን ኢዩ።

ክሳብ ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ፡ ሰውነት ክርስቶስ ዝኾና ኵልና፡ ኣብ ሠለስተ በበይኑ ናብራ ንርከብ፡-

1. *ኣብ ሰማይ ክብረ ኣምላኽ ዝሳተፉ ዕውታት ቅዱሳንን ጻድቃንን*
2. *ኣብ ንሥሐ ቦታ ዕዳ ኃጢኣቶም ኪኸፍሉ ዝርከቡ ከሐስቲ*
3. *ኣብ ምድሪ ንጐዓዝ ዘሎና ተቃለስቲ*

ኵልና ከዓ <u>ኣብ</u> ክርስቶስ <u>ብ</u>ክርስቶስ <u>ምስ</u> ክርስቶስ ብዘሎና ናይ ፍቕሪ ውህደት፡ ኣካላት ሓደ ሰውነት ክርስቶስ ኴና፡ ናይ ነንሕድሕድና ሱታፌ ኣሎና።

ንሕና ኣብዛ ሓላፊት ዓለም ንቃለስ ዘለና ክንዕወትን ምስቶም ኣብ የማኑ ዚነግሡ ዘለዉ ክብሩን ሞጐሱን ክንሳተፍን ምእንቲ ክንክእል ንግላዊ ኮነ ንሓባራዊ ምጽኣት ክርስቶስ፡ ብኸመይ ኢና ክንጽበ ዝግበኣና?

ንምጽኣት ጐ.ኢ.ክ. ዕለቱን ሰዓቱን ስለዘይንፈልጥ፡-

1. *ብኹሉ መዓልትን ብኹሉ ሰዓትን ስንዱዋት ኴና ክንርከብ የድሊ።*

2. *መዓልቲ መዓልቲ ከም መጨረሽታ መዓልትና ገርና ብትግሃትን ብንቕሓትን ንእግዚኣብሔር ብዘኽብርን ንእና ዘለዓለማዊ ሕይወት ብዘውርስን መገዲ ክንመላለስ የድልየና። መዓልቱን ሰዓቱን ዘይምፍላጥ ኵሉ ጊዜ እሙናት ኰይና ንምርካብ ይሕግዘና።*

"ጊዜኡ መኣስ ምዃኑ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም እሞ፡-

- ሀ. ተጠንቀቑ
- ለ. ንቕሑ
- ሐ. ጸልዩ" (ማር. 13፡33)

<u>ሀ. ተጠንቀቑ፡</u>

ንምጽኣት ጐ.ኢ.ክ. ብዓቢይ ጥንቃቀ ምጽባይ ይግባእ፤ ምኽንያቱ ብዓቢይ ግርማኡን ምስ መላእክቱን: ከም ኵሉ ዝፈልጥን: ቅኑዕ ዳይናን: መጺኡ ንኹሉ ሓሳባትናን ቃላትናን ተግባራትናን ብትኽክል ክፈርድ ኢዩ።

ነታ ዕለት እቲኣ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ኣእምሮና ገርና እንተ ተኻየድና መወዳእታና ኣይኪሽፍእን እዩ።

ለ. ንቕሑ፦ ንምጽኣት ጐ.ኢ.ክ. ብንቕሓት ክንጽበ ባዕሉ መ.ኢ.ክ. ደጋጊሙ ኣስተምሃረና። እሙናት ኣገልገልቲ ኴና ክንጽበዮ ይደልየና። ብንቕሓት ምጽባይ ማለት፡ ነቲ ሓቅን ርትዕን ጽድቅን ከምዝኾነ ዝፈለጥናዮን ዝኣመናሉን፡ ብዘይግብዝነት እናፈጸምና ምጽናሕ ማለት ኢዩ።

ካባና ንሓይሊ ጸልማትን መንፈስ ሸለልትነትን መንፈስ ትህኪትን ኣወጊድና፡ ብውዕውዕ ውሉዳዊ ተኣዝዞን ቅኑዕ ጎልናን ምክያድ የድሊ። ግላዊ መወዳእታና/ሞትና ኮነ: ሓባራዊ መወዳእታ/ ካልኣይ ምምጻእ ጐ.ኢ.ክ.፣ ካብ ኵልና ስውር ብምዃኑ ንኽልቲኡ ብንቕሓት ክንጽበ ንትጋህ።

ከይተቀረብኩ እታ ዕለት እቲኣ ከይትመጸኒ ዝብል ስኽፍታ ክሓድረና ከሎ ብፍርሓትን ብረዓድን ክንደሃል ዘይኮነ፡ ብፍቕሪ ኣምላኽ ተላዒልና ካብቲ ዘፍቕረናን እነፍቅሮን ኣምላኽና ንዘለዓለም ከይንፍለ ብዝብል ክርስትያናዊ ስክፍታ ዝተገዝአ ትጽቢት ንጽበ።

ሐ. ጸልዩ፦ ከምኡ ከዓ ምሕረት ኣምላኽ ከይፍለየና ወትሩ ልብናን ኣእምሮናን ናብ ኣምላኽ ከነልዕል: ክንጽሊ ከም ዝግበኣና ባዕሉ መ.ኢ.ክ. ጸሎት ብምምህር ፍቃዱ ከምቲ ኣብ ሰማይ: ኣብ ምድሪ ክፍጸምን: ኣብ ፈተና ከይንእቱን: ከምቲ ንሱ መሓሪ ዝኾነ መሓርቲ ኰይና ክንርከብን ይእዝዘና።

ዕላማ ጸሎትና፡ ካብቲ ብጊዜ ሞትና ኮነ ብጊዜ ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ፡ ካብ እምነትናን ንቕሓትናን ከዘናብልና ዝኽእል ነገርን ሰብን ቦታን ምእንቲ ክንዕቀብን ክንድኅንን፡ ድኅሪ ሞትና ከዓ ኣብ ሕቍፊ ሰማያዊ ኣቦና ብሓጕስን ደስታን ንዘለዓለም ክነብር፡ ኣምላኽ ብብሩህ ገጽ ክቕበለናን ኢዩ።

እዚ ከሎ ገና ዕለተ ዕለት ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ብቕንዕና ብምምልላስ ክነብሮ ዘሎና ሓዲስ ሕይወት ኢዩ።

ክርስቶስ *"ህድማኹም ብዕለተ ሰንበት ወይ ብክረምቲ ከይከውን ጸልዩ"* (ማቴ.24፡20) እናበለ ኣብቲ ዘይከኣልን ዘይፍቀድን እዋን: ኵሉ ምስተወድአ፡ ንሰርሖሉን ንንሠሓሉን እዋን ምስ ኣብቅዐ: ክንሣሕ: ክሰናዶ: ክንብል ዕድል ከም ዘይብልና የረድኣና።

ኣብዚ ጊዚያዊ ሕይወትና ኲይና ነቲ ዘለዓለማዊ ቤትና ክንሓንጽ ምእንቲ ክንክእል፡ ንግሥተ ሰማይን ምድርን እኖና እግዝእትነ ማርያም ብአማልድነታ ትርድአና።